ሓዲሽ ሓበረታ ብዛዕባ ኮሮና

# CORONA

TIGRINJA
ቁጽሪ 31
መጋቢት 2021

# ሎሚ ኣረጋውያን ኣንጻር ኮሮና ንክኽተቡ ቆጸራ ክሕዙ ይኽእሉ'ዮም

**ሎሚ ኣብ ኣውራጃ ካልማር ኣረጋውያን ክኽተቡ ክጅምሩ ይኽእሉ'ዮም። ግን ናይ ግድን ቆጸራ ክሕዙ ኣልዎም። መጀመርያ 77 ዝዕሚኦምን ልዕሊኡን ቆጸራ ክሕዙ ይኽእሉ። ካልኦት ኩሎም ክጽበዩ ኣለዎም።**

ኩሎም ኣንጻር ኮሮና(ኮቪድ-19) ክኽተቡ ዝደልዩ ቆጸራ ናይ ግድን ክሕዙ ኣለዎም። ሕጂ ግን 77ን ልዕሊኡን ዝዕድሚኦም ጥራይ'ዮም ክቖጽሩ ዘለዎም። ንሶም ምስተኽትቡ ዝስዕቡ ጉጅለ ቆጸራ ክሕዙ ይኽእሉ።

**ክትክተብ ጽቡቕ'ዩ።**
ምስ ተኸተብካ ካብ ምሕማም ነብስኻ ትከላኸል። ንኻልኦት እውን ትከላኸል። ብዙሓት እንተደኣ ተኸቲቦም እዚ ቫይረስ ዝለኽፎ ኣይረክብን። ሽው ለበዳ ኮሮና የብቅዕ።
ኣብዚ ለበዳ ኩሉ ሰብ ክተሓጋገዝ ኣለዎ። ዝበዝሑ ብዝተኽትቡ መጠን ብዝቐልጠፈ እዚ ሕብረተሰብ እንደገና ናብ ንቡር ክምለስ ይኽእል።

**ንናትካ ዕድመ ግዚኡ ምስ በጽሐ እዚ ክትፈልጥ ኣለካ።**

1. **ኣብ መርበብ ሓበሬታ 1177.se** ርአ። ኣብኡ ኣየናይ ክልዕድመ ሕጂ ክቖጸር ይኽእል'ዩ ሰፊሩ ኣሎ። እዚ ሓበሬታ ብሽወደነኛ'ዩ።

   ናይ ቴሌፎንካ ካሜራ ናብ QR-ኮድ ኣቕንዕ።

2. **ወይ:** ናብ ዝምልከተካ ማእከል ጥዕና ደዊልካ ሕተት።

   ናይ ቴሌፎንካ ካሜራ ናብ QR-ኮድ ኣቕንዕ። ማእከል ጥዕናኻ ክሳብ ትረክብ ንታሕቲ ውረድ።

3. **ናይ ማእከል ጥዕናኻ ቁጽሪ ክትረኽቦ እንተዘይክኢልካ:** ናብ ናይ ዞባ ማእከላይ ቁጽሪ 0480-84 000 ደውል ብድሕሪኡ ናብ ማእከል ጥዕናኻ ከራኽቡኻ'ዮም።

**ብኽምዚ ትቖጽር**
ናይ ሽወደን መለለዪ ቁጽሪ እንተ ኣለካን ሽወደነኛ ትኽእል እንተኮንካን ብመርበብ ሓበሬታ 1177.se ክትቆጽር ዝሓሸ'ዩ። ቆጸራ ንክትሕዝ ባንክ ኣይዲ ኣየድልየካን ስለዚ ዝኾነ ሰብ ክሕግዘካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። **ናይ ሽወደን መለለዪ ቁጽሪ እንተዘይብልካ** ወይ ብቴሌፎን ወይ ብኮምፒተር ከመይ ጌርካ ከም ዝቑጸር ዘይትፈልጥ እንተኮንካ ናብ ዝምልከተካ ማእከል ጥዕና ክትድውል የድልየካ።

**እዚ ዞባ ደብዳቤ ይልእኽ ኣሎ**
ኣረጋውያን ዝኾንኩም ምናልባት ድሮ ካብ ዞባ ደብዳቤ ብሽወደነኛ በጺሑኩም ይኸውን'ዩ። ንሱ ሓበሬታ ብዛዕባ ክታበት እዩ። ክሳብ ሽወደን ዘንብብ ሰብ ረኺብካ ቆጸራ ንኽትሕዘልካ ሓገዝ ትሓትት ነቲ ደብዳቤ ዓቅቦ።

Krissamverkan Kalmar län

**ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ ኣኣብ ክልተ ሰሙን**
እዚ ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ ካብ ጉጅለ ምትሕብባር ቅልውላው ኣውራጃ ካልማር ይመጽእ። ጉጅለ ምትሕብባር ቅልውላው ኣውራጃ ካልማር ምትሕብባር ናይ ኩሎም ኮሙናት ናይዚ ኣውራጃ: ዞባ ካልማር: ባይቶ ኣውራጃ ካልማርን ካልኦት ኩሎም ሰበስልጣናት ናይዚ ኣውራጃን እዩ። ኣብ ግዜ ቅልውላው ናይዚ ሕብረተሰብ ብሓባር ንውስንን ነንሕድሕድና ንተሓጋገዝን።

Kalmar kommun

facebook.com/krissamverkan.kalmar

ሓዲሽ ሓበረታ ብዛዕባ ኮሮና

# CORONA

TIGRINJA
ቁጽሪ 31
መጋቢት 2021

## ብኸምዚ ኣብ ተሌፎን ወይ ኮምፒተር ትቖጽር

1. ኣብ 1177.se እቶ-"Hitta vård" ኣብ ዝብል ጠውቕ- ሽም ማእከል ጥዕናኻ ድለይ

**Tigrinja ትግርኛ**

https://bit.ly/3uS0zzl
ናይ ቴሌፎንካ ካሜራ ናብ QR-ኮድ ኣቕንዕ።

( ብቴሌፎንካ እንተድኣ ትቖጽር ኣለኻ  ኣብ ላዕሊ ዘሎ QR-ኮድ ክትጥቀም ትኽእል)

2. ኣብ ትሕቲ " Våra e-tjänster", " Boka tid för vaccination mot covid-19" ዝብል ጠውቕ።
3. "Syfte för besök " ምረጽ- ኣብ ክልዕድሜኻ ጠውቕ
4. ንሓደ ወይ ንኽልተ ሰባት ቁጸር-  65ን ልዕሊኡን ዝዕሚኦም መጻምዲ ብሓባር ክቖጽሩ ይኽእሉ'ዮም።
5. ትመጸሉ ግዜ ኣብ ዓውደኣዋርሕ ምረጽ
6. "Personuppgifter" ዝብል ምላእ- ሓበሬታ ብዛዕባኻ'ዩ
7. "Hälsodeklaration" ዝብል ምላእ-ሓበሬታ ብዛዕባ ጥዕናኻ ። "Spara" ዝብል ጠውቕ
8. "Bekräftelse av tid "ዝብል ሳንዱቕ ጠውቕ ብድሕሪኡ ከኣ "Samtyck"

ኣስተውዕል!  ቆጸራ ንኽትሕዝ internet explorer ክትጥቀም ኣይከኣልን።

## ናብ ማእከል ጥዕናኻ ብኸምዚ ደዊልካ ቆጸራ ትሕዝ

1. ናብ ማእከል ጥዕናኻ ደውል።
2. ምስ መለሱልካ: ኣብ ቴሌፎንካ ቁጽሪ 3 ጠውቕ።
3. መልእኽትኻ ተዛረብን መን ሙኻንካን ቁጽሪ ቴሌፎንካን ንገር።
4. ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰሙን ክድውሉልካ'ዮም። ሽዑ ቆጸራ ትሕዝ።

ኣስተውዕል ! እዚ ክታበት ኩሉ ግዜ ብነጻ'ዩ። ዝኾነ ደዊሉ  ነዚ ክታበት ክትከፍል ኢኻ ወይ ባንክ ኣይድኻ ክትከፍተልና ኢኻ እንተኢሉካን እምበኣር ዝኾነ ዘታልል ኣካል'ዩ። ቴሌፎንካ ዕጸዋ።

**ኣስተውዕል:** ድሮ ክታበት ኣንጻር ኮቪድ-19 እንተደኣ ተዋሂቡካ ምቑጻር ኣየድልየካን።
Waran ዝበሃል ከኒና ትወስድ እንተኮንካ ሓደ ሰሙን ቅድሚ ምኽታብካ  ደም መርመራ ንኽትገብር ናይ ግድን ቆጸራ ክትሕዝ ኣለካ።

**ናይ ማእከል ጥዕናኻ ቁጽሪ ክትረኽቦ እንተዘይክኢልካ:**
ናብ ናይ ዞባ ማእከላይ ቁጽሪ 0480-84 000 ደውል ብድሕሪኡ ናብ ማእከል ጥዕናኻ ከራኽቡኻ'ዮም።


Krissamverkan Kalmar län

**ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ ኣኣብ ክልተ ሰሙን**
እዚ ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ  ካብ ጉጅለ ምትሕብባር ቅልውላው ኣውራጃ ካልማር ይመጽእ። ጉጅለ ምትሕብባር ቅልውላው ኣውራጃ ካልማር  ምትሕብባር ናይ ኩሎም ኮሙናት ናይዚ ኣውራጃ: ዞባ ካልማር:  ባይቶ ኣውራጃ ካልማርን ካልኦት ኩሎም ሰበስልጣናት ናይዚ ኣውራጃን እዩ። ኣብ ግዜ ቅልውላው ናይዚ ሕብረተሰብ ብሓባር ንውስንን ነንሕድሕድና ንተሓጋገዝን።

Kalmar kommun

facebook.com/krissamverkan.kalmar